
# ካብ ማህደር ታሪኽ ህዝባዊ ግንባር 7ይን ናይ መጠረሽታ ክፋል።



ደርግ ኣብ ኩሉ ዝፈተኖ ውግኣት እንትርፎ ክሳራ መኸሰብ ስለ ዘይረኸበሉ ናይ ኣጥፊእካ ጥፋእ ስጉምትታት ምውሳድ'ዩ መሪጹ። ዓቕሚ ወተሃደራቱ እናወሓደን እናተዳኸመን ስለ ዝኸደ ሙኩር ወተሃደር ከምጽእ ዓቐበት ኮኖ። ብወገን ህ.ግ. ኩሉ መደባቱ ሰሪዑ ንደርግ ዘየዳግም መግረፍቲ ከውርደሉ ተዳለወ። እቲ መድረኽ ናብ ጥቕሚ ሰውራ ኤርትራ ገጹ ኣድሃበ። ህ.ግ. ንደርግ ኣበናይን መዓስን ብኸመይ ኣገባብን ከምዘጥቕዖ ምድላዋቱ ኣጽፊፉ ኣብ ተግባር ተበገሰ። እዛ ጽሕፍቲ ተብርሆ ሓቂ ነንብብ።



177.
ንኽልኣይ ጉባኤ ኣብ ዝስዓቡ ኣዋርሕ፡ ሰራዊት ኢትዮጵያ ኣጸቢቑ ከምዝተዳኸመ ርኡይ ኰይኑ። ንዓሰርተ ዓመት መመላእታ "ሉግሲ ጽባሕ ንወንበደታት ክንድምስስ ኢና" እናተባህለ ተዋጊኡ ፍረ ስለ ዘሰኣነሉ፡ ናይ ምውጋእ ድልየቱ ተጸንቲቑ። ኣብ ህዝቢ ኢትዮጵያ'ውን ተቓውሞ ንኹናትን ግዱድ ዕስክርናን ክጐሃሃር ስለ ዝጀመረ፡ ነቲ ዝሃለዋ ወተሃደር እኹል መተካእታ -ብፍላይ ብዓይነት- ክርከብ ኣይተኻእለን። ህ.ግ.ሓ.ኤ. ብኣጽዋር ዝነበሮ ዓቢ ጸብለልነት ነከየ። ክብዚ መረዳእታ'ዚ ብምብጋስ፡ ህ.ግ. ኣብ 1987 ንዓቢ መጥቃዕቲ መቀራረቢ ዝኾና ስልታዊ መጥቃዕትታት ኣብ ድሕሪ መስመር ጸላእን ኣብ ጸጋማይ ክንፊ ግንባር ናቕፋን ኣካይዱ። እዚ ስርሒት'ዚ ደርግ ንወተሃደራዊ ነቑጣታቱን ቃፍላያቱን ኩን ንቀወምቲ ግንባራት ኪከላኸለሉ ከምዘይክእል ኣግሂዱ። ከምቲ ህ.ግ. ብ1978 ብምሉእ ርእሰ ምትእምማን ዝተነበየ፡ እቲ ናይ ምርብራብ ግዜ ሓሊፉስ ኩነታት ንረብሓ ሰውራ ኤርትራ ተዋዲሩ ነይሩ።

انطلاقا من ادراك هذا الواقع شن الجيش الشعبي على خطوط العدو الخلفية والجناح الايسر لجبهة نقفة هجمات تكتيكية في عام ١٩٨٧ تمهد الطريق لهجوم كبير • وقد كشفت هذه العمليات ان الجيش الاثيوبي عاجز تماما عن الدفاع عن معسكراته وقوافله وتحصيناته الثابتة وتماما كما تنبأت الجبهة الشعبية في عام ١٩٧٨ بكل ثقة فقد " انتهت مرحلة الاستنزاف وتبدلت الاوضاع لصالح الثورة الارترية " .


The months that followed the Second and Unity Congress revealed that the Ethiopian army was weaker than ever. Ten years of military adventure took an immense toll. The troops had lost their will to fight because there was no end in sight. Opposition to the war and forced conscription, which in turn affected the number and quality of recruits, was gathering pace in Ethiopia. On the other hand, the EPLF was steadily getting stronger.

Based on this assessment, the EPLF embarked on a series of tactical operations behind enemy lines and on the left flank of the Nakfa Front. The assessment proved correct, when our forces over-run the Ethiopian army on the Nakfa and Halhal Fronts.

ሙኩራት ሃንደሳ ህ.ግ. ኣብ ድሕሪ መስመር ጸላኢ ብሙስላኽ ነታጉታት ኣብ ምጽዋድ ተጸምዱ። እዚ ዘይብሃል ዕንወትን ራዕድን ኣሕደሩሉ። ውጺኢት ስራሖም ኣብ ስእሊ ንመልከት።



ተጋደልቲ ነታጉ ከጻውዱ ከለዉ ዕርዲ ጸላኢ ከበታተን ከሎ።   ነታጉ (ፈንጂ) ኣብ ድሕሪ መስመር ጸላኢ ከዳልዉ ከለዉ ኣብ ርእሲ'ቲ ብጸላኢ ክወርዶም ዝኽእል ሓደጋ፡ ኣብ ምትካል ፈንጂ ንእሽቶ ጌጋ ሂወት'ያ ትሓትት።




Ten years after the massive Soviet intervention that forced us to retreat from the outskirts of Asmara; a decade after the "wise men of the time" had demanded us to capitulate our position, because, according to them, it was "futile and suicidal" to stand in the way of the Soviet machine; ten years of bitter fighting which severely tested the unbending Eritrean people's determination; ...ten years after...the time finally arrived when the encirclement was to be swept away.



On March 17 1988, the EPLF hurled its attack on the largest concentration of elite Ethiopian units stationed on a single front - the "Nadew Command" on the Nakfa Front. Within 48 hours of fighting, 18 thousands soldiers were put out of action, and their weapons were either captured or destroyed. Three Soviet military advisers were also taken prisoners. It was the biggest Eritrean victory in 27 years of war.

198

ናደው እዝ ንዓሰርተ (10) ዓመታት ዘዳለዎ ዱልዱል ዕርድታት ግንባር ሳሕልን ኣሎ ዝበሃል ሓያል ሰራዊትን ምስ ጉዙፍ ዘመናዊ ኣጽዋራቱን ሶቭየታውያን ኣማኻርቱ ኣብ ውሽጢ 48 ሰዓታት ካብ 18,000 ንላዕሊ ሰራዊት ከሲሩ፡ ዘውንኖ ዝነበረ ዝበርትዔ ኣጽዋር ኣብ ዋንነት ህዝባዊ ሰራዊት ኣተወ። 3 ሶቬታውያን ኣማኸርቲ ተማረኹ። ሓመድ ድብ ናደው ብተግባር ተፈጸመ።



ደርጊ ብጀጋኑ መግረፍቲ ምስ ወረዶ ሕነ ንምፍዳይ ኣብ ልዕሊ ኣደታት ፡ኣረገውቲ ሰባት፡ ህጻናት ሓንቲ ዘይፈልጡ ኣረሜንያዊ ተግባራት ካብ ምፍጻም ዓዲ ዊዒሉ ኣይፈልጥን። እዚ ዝስዕብ ኣብነት ካብ ብዙሕ ገለ ንምርኣዩ ዘሰኻሕክሕ እኳ እንተኾነ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝወረደ ስቓይ ኩሉ ግዜ ምልክት ጽንዓትና ስለ ዝኾነ ክንውክሶ ይግብኣ




ህ.ግ. ነቶም ብሂወት ዝተረፉ ስድራብቶም ዝሰኣኑ ህጻናት ኣኢቡ ከም ኣደታቶም ኮይነን ዝኣልያ ተጋደልቲ መዲቡ፡ ሙሉእ ምንባይ እናገበረ የዕብዮም ከምዝነበረ ኩሉ ነቲ ኩነታት ዝከታተል ዝነበረ ዝፈልጦን፡ እቶም ሕጂ ብሂወት ዘለዉ ዘዘንትውዎን እዩ።

እዚ ኣብ ግዜ ደርጊ ዝተፈጸመ ነውራም ፋሽሽታዊ ተግባራት ክኸውን ከሎ፣ ኣብ ግዜ ስርዓት ሃይለስላሰ'ውን ከምኡ ዝመስል ፋሽሽታዊ ፍጻሜታት ኣብ ልዕሊ ኩሉ ህዝብና ወሪዱ እዩ።

ወያኔ ነኻሲት ዘኾለሰታ ኢድ ካብቶም ዝሓለፉ ስርዓታት ብዘይፍለ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዘውረደቶ ግፍዕታን፡ ህዝብና ክበታትን (ክፈላሊ) ዕሱባት እናቖጸረት (እናዋፈረት) ሕጂ ተካይዶ ዘላ እከይ ተግባራትን ብኹሉ ኤርትራዊ ክምከት ከም ዘለዎን እዚ ኣብ ላዕሊ ኣብ ህዝብና ዝተፈጸመ ግፍዕታት ሓላፍነት የሰክመና።

እዞም ስም ክህነት ለቢሶም ካብ ሕጊ መንፈስነት ወጺኦም ነዚ ኣብ ልዕሊ ህጻናትና ዝወረደ ጭካነን ዝፈሰሰ ደሞምን፡ ወለዶም ዝሰኣኑ ዕሽላት ዘዕበየ ግንባር ክውንጅሉን ምስቶም ን50ን ካብኡ ንላዕልን ዓመታት ክጥፍኡና ዝተቓለሱን ዝቃለሱ ዘለዉን ሓይልታ መሳርሒ ኮይኖም ሃገር ሰላማ ክዘርጉ ዝደናደኑ ሃሱሳት ፍልልያትና ብዘየገድስ ፎእ ክበሃሉ ኣሎዎም። ኣብ ሃገርና ክንደይ ህጻናት ብሰንኪ ኲናት ዝዘኽተሙ ኣለውና። ኣብ ክንዲ ግብረ ሰናያት ማሕበራት ምቛምን ምሕጋዝን፡ ጸረ'ቲ ሃገር ዝሃንጽ ዘሎ መንግስትን ህዝብን ደው ምባል ሓታላ ካብ ምኧን ካልእ ከምጽእዎ ዝኽእሉ ነገር የለን።

እዞም ሙሁራት ኢና ዝብሉ ኮራኩራት ወያኔ ፡ጭፍራ ከድዓት ነቲ ዝተፈጸመ ግፍዕታት ዘይረኣዩዎ ወይ ዘይፈልጡዎ ኣይኮኑን፡ እንታይድኣ ኣብ ሓንጎሎም ክቐርጽዎን ኩሉ ግዜ ክዝክርዎን ኣይደልዩን እዮም። ሎሚ ብጉዳይ ኤርትራ እቶም ሃገረይ ኤርትራ እናበሉ ዝዝምሩ ኣብ መዋእለ ህጻናት ዘለዉ ቆልዑ ይነቕሑ ካብዞም ብጥልመት ዝተቓማጥዑ።



ኩልና ኤርትራውያን ዝሓለፈ ታሪኽና ንሓድነትና ዝጠምርን ዘትርርን ስለ ዝኾነ፡ በዞም ድሕሪ እቲ ኩሉ መስዋእቲ ዝተረከበት ነጻነት ኣብ መግዛእትነት ክንብርከኹ ቐድሚ ሞተይ ሓድነት ኢትዮጵያን ኤርትራን የርእየኒ ዝብሉ መርዛማት ዕሱባት ከይንግራህ። እቶም ተገሪህኩም ዝጸናሕኩም ታሪኽ ህዝብናን ሰውራናን ከልሱ።

## ድሕሪ'ቲ ኩሉ ኲናት ናደው ነድዩ ምስ ተረፈ ሓፋሽ መንፈሱ ከምይ ነበረ?




ንቐጻሊ ጉዕዞ መንፈሱ ኣሓዲሱ፡ ዕጥቁ ኣትሪሩ ውድቡ ዝሃቦ ዕማም ንምትግባር ድልውነቱ ኣረጋገጸ።

**ልክዕ ሕጂውን ኩሉ ዓቕምና፡ ፍልጠትና፡ ንብረትና፡  ከይተረረፈ ሂወትና፡ ድሉዋት ንኹን ንምድምሳስ ጸላእትና።**




# <u>ዓወት  ቃልስና  ብደምና  ምስ ውጹዕ  ሓፋሽ  ህዝብና።</u>

**ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና።**
**ዓወት ንሓፋሽ።**
**ገብረንጉስ መስመር።**